
# መግለጺ መሪር ሓዘን
# ብመስዋእቲ ጅግና ተቓላሳይ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም



ስንባደይዶ ክገልጽ ከም ብጾተይ
ቃላት ኣይረከብን ክገልጽ ሓዘነይ

ምስ ብጾትካ ኣንጊህካ ተበጊስካ
ካብ ጠቕምኻ ጉዳይ ሃገር ኣቀደምካ
ብዘይ ድኻም ብተወፋይነት ተቓሊስካ

ኩሉ ዝምስክሮ ግደ ዶክተር
ታሪኽ ኣይካሓድን ዋንኡ ምስ ዝቕበር
ዘለኣለማዊ ተኽሊ ኢዩ ዘይነቅጽ ዘይሓርር

መንዩ ዝትክአ እት ግደኻ
ንመን ኣረኪብካ ልቦናኻ
ቃልሲ ክመርርዩ ብድሕረኻ

ሓሚምካ ትሓዊ መሲሉና
ብሰንኪ ህርፋና ነብስና ኣታሊልና
ከም ዘለኣለም ትነብር መሲሉና
ብዘይ መተካእታ ከይተዳለና ገዲፍካና

ዕድል ዘይሃብካና ገለ ክንሰርሕ ተኣኪብና
ከቢድ ኢዩ እቲ ጉዳይ ዘሎ ኣብቅድመና
ህልውናኻ ዓቢ ኢዩ ነይሩ ንምራልና

ጅግናዶ ይቕበር ኣብ ወጻእ ዓዲ ባዕዲ
ኩሉ ሓዚኑልካ መንእሰይ ምስ ወለዲ

ዝኣክል ግዜ ሂብካንዲኻ ንብጾትካ
ከም ኩሉ ወዲ ሃገር ኣብ ዓዲ ክንቀብረካ
ኣይከኣልናን ክንፍጽም ትድልየትካ

ካብ ስድራኻ ንላዕሊ ብጾትካ ሓዚና
ብሰንክኻ ስለ ዝባደመ ዝቆረረ ገዛና
ዓብይ ደጀን ኢኻ ነርካ ንሃገራዊ ቃልስና

ብዙሕ ኢዩ ብዛዕባኻ ክባሃል ዝግባእ
ወረቐት ተሳኢኑ ቀለም ክሳብ ዝውዳእ
ኣይኣክልን ክሳብ ዘሎ ቃላት ዝውዳእ

ክንዝክረካ ኢና ክሳብ ኣብሂወት ዘሎና
ኣብ ኩሉ መዳያት ኣለኻ ክሳብዝዛዘም ጉዳይና
ዘላኣለማዊ ሓወልቲ ኢኻ ናይ መትከልና

መግስተ ሰማያት የዋርስካ ዝኸበርካ ብጻይና
ኩሉ ወዲ ሃገር ብምረት ሓዚኑ ከምኩላህና
ኣርማ ምልክት ስለዝኾንካ ናይ ጉዳይ ሃገርና

ንኹሎም ስድራቤቱ ጽንዓት ይሃብኩም
ከም ኡ ኢውን ንብጾቱ ስርሑ ዝተካእኩም
ከቢድ ስራሕ ኢዩ ዘሎ ኣብ ቅድመኹም


መሓመድ ስዒድ ሓጎስ
ርያድ